ጋዜጣዊ መግለጺ
*ስቶክሆልም፡ 11 ሕዳር 2024*

# ኣብ ዓለም ዝነውሐ ግዜ ብሃንደበት ዝተኣስረ ጋዜጠኛ ሽልማት ኤደልስታም ተቐቢሉ

ሽልማት ኤደልስታም **2024** ንኣቶ ዳዊት ኢሳቕ ፣ ንሓሳብካ ናይ ምግላጽን ድላይካ ናይ ምእማንን ናጽነት ከምኡ እውን ንምክልኻል ሰብኣዊ መሰል ደው ብምባሉ ፣ ዘመዝገቦ ብሉጽ ኣበርክቶን ፍሉይ ትብዓትን ዘወሃብ እዩ። እዚ ሽልማት ኣብ እዋን ስነ-ስርዓት ኣብ **House of Nobility** ኣብ ስቶክሆልም ሽወደን ብዕለት **19** ሕዳር **2024** ክዕደል'ዩ። ኣቶ ዳዊት ኢሳቕ ሎሚ እቲ ኣብ ዓለም ንዝነውሐ እዋን ኣብ ቀይዲ ዝጸንሐ ናይ ሕልና እሱር ጋዜጠኛ ብምኳኑ ኣብዚ ብኣካል ኣይክህሉን'ዩ። ጓሉ ቤተልሄም ኢሳቕ ኣብ ክንድኡ ነዚ ሽልማት ክትቅበሎ'ያ።

ኣይተ ዳዊት ኢሳቕ ኤርትራዊ-ሽወደናዊ ጋዜጠኛን ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላትን ኮይኑ ምስ ካልኣዩ መስራቲ'ታ ኣብ ኤርትራ ናይ መጀመርታ ነጻ ጋዜጣ ሰቲት እዩ። ብግልጺ ንመንግስቲ ኤርትራ ምንቃፉን ፣ ንሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራስያዊ ጽገናን ናጻ ምዝራቡን ምጥባቑን፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ መስከረም 2001፡ ምስ ካልኦት ናጻ ጋዜጠኛታትን ምርጫ ዝጸውዑ ፖለቲከኛታትን ብዕፉና ተኣሲሩ።

## ምክልኻል ሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራስያዊ መትከላትን

ብምኽንያት ኣብ ምክልኻል ሰብኣዊ መሰላትን ምጉስጓስ ዲሞክራስያዊ ጽገናን ዝሰርሖ ስራሕ፡ ኣይተ ዳዊት ኢሳቕ፡ ኣብ ሽወደን ሽልማቱ ክቕበል ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ ምስ መሳርሕቱ ብሓባር ኣብ ዓለም ዝነውሐ ኣብ ቀይዲ ዝኣተወ ጋዜጠኛ ኮይኑ ብዘይ ክስ ወይ ሕጋዊ ምኽሪ ከምኡ እውን ብዘይ ፍርድን ንልዕሊ 23 ዕመታት ተኣሲሩ ይርከብ።

"ኣቶ. ዳዊት ኢሳቕ ዋላ'ኳ ብመንግስቲ ኤርትራ ምብስባስን ቀጻሊ መርመራ ዘሰነዮ ምፍርራሕን እንተገጥሞ ብፍሉይ ትብዓቱ ምጽሓፍን ንመንግስቲ ኤርትራ ምንቃፍ ቀጺሉን ንሓሳብካ ናይ ምግላጽን ሓበሬታ ናይ ምርካብን ናጽነት ከኣ ልዑል ተወፋይነት ኣርእዩ። ኣይተ ዳዊት ኢሳቕ፡ ኪኖ ውልቃዊ ረብሕኡ ፣ ንመትከላት ሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራስን ምጥባቕ ቀጺሉ። መቕጻዕቱ፡ ዘይሕጋዊ ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉ ማእሰርቱ፡ ብገበን ኣይተኸሰን፣ ረዳኢ ዘይብሉን ብዘይ ፍርዲ ካብ መሰረታዊ መሰላቱ ዝተኸከለን ፣ ዘይተኣወጀ ጽሕፍቱ ሞት ብምኳኑ ህይጽወር'ዩ" ትብል ሓባራዊት መስረቲት ኤደልስታም ፋውንደሽንን ኣደዎንበር ዳያኑ ሽልማት ኤደልስታምን ዝኾነት ካሮሊን ኤደንስታም።

"ፕረስ ነጻ ኣብ ዝኾነሉን ኩሉ ሰብ ከንብብ ኣብ ዝኽእልን ኩሉ ውሑስ እዩ። ሓርነትና ኣብ ናጽነት ፕረስ'ዩ ዝምርኮስ፣ ነዚ ከየጥፋእካ ደረት ክግበረሉ ኣይከእልን።" ይብል ቶማስ ጀፈርሰን፣ኣብ 1816 ዓ.ም.ፈ.

## ሕጋዊ ፍርዲ ዘይምህላውን ብግዴታ ምስዋርን

ፋውንዴሽን ኤደልስታም፡ ሰበስልጣን ኤርትራ ንዳዊት ኢሳቕን ካልኦት ናይ ሕልና እሱራት ጋዜጠኛታትን ተሃድሶ ዝደልዩ ፖለቲከኛታትን ክፈትሑ ይጽውዕ። ካብዚ ሓሊፉ እቲ እዚ ፋውንዴሽን ፣ መንግስቲ ኤርትራ ሃለዋት ዳዊት ኢሳቕ ብቐልጡፍ ክሕብርን ከምኡ'ውን ቆንስላዊ ደገፍን ክረክብን ፣ ሕጋዊ ውክልናን ክገብርን ፣ ሕጋዊ መሰላቱ ከኽብር ይጽውዕ።

"ኣቶ. ዳዊት ኢሳቕ ኣብ ዓለም እቲ ዝነውሐ ግዜ ኣብ ቀይዲ ዝጸንሐ ጋዜጠኛ እዩ። ብዛዕባ... ጥዕንኡን ሃለዋቱን ተሻቂልና'ለና፣ ብገበን ኣይተኸሰሰን፣ ከምኡ እውን ምስ ስድርኡ ምርኻብን ቆንስላዊ ሓገዝን ከምኡ'ውን መሰል ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ ተኸልኪሉ – እዚ ብግዴታ ምስዋር`ዩ። ኤርትራ ብረቂቕ ሜላ ንሰፊሕ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላት ትቕንጥጥ፣ እዚ ምኽልካል ሓሳብካ ምግላጽ፣

ምኽልካል ናጽነት ምትእኽኻብን ሓበሬታን የጠቓልል። ነዚ ንምስግዳድ ዝጥከምሉ ሜላታት ሳንሱር፣ ብዘይ ፍቓድ ማእሰርቲ፣ ብዘይ ፍርዲ ምእሳርን ስፍሕ ዝበለ ስቕያትን እዩ። ጃምላዊ ግፋን ፣ ሃንደበታዊ ማእሰርትን ፣ ብዘይ ፍርዲ ምእሳር ጋዜጠኛታት
ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ዘይንቡር ተርእዮ ኣይኮነን" ትብል ካሮሊን ኤደልስታም ኣደ መንበር ንደያኑ ሽልማት ኤደልስታም።

## ግዴታ ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ሽወደንን ጸቕጢ ኣብ ምግባርን...

ውሽጣውያን ሰበስልጣን ክፈርሱ ወይ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ከኽብሩን ከረጋግጹን ምስ ዘይክእሉ ፣ ማሕበረሰብ ዓለም ንዝፍጸሙ ግህሰታት መሰረታውያን ሰንእዊ መሰላትን ፣ ምጽናት ዓሌትን ካልእ ዘስካሕክሕ ተግባራትን ኣብ ምክልኻል ክዋሳእ ግዴታ ኣለዎ። ፋውንዴሽን ኤደልስታም፡ ማሕበረሰብ ዓለም ስጉምቲ ክወስድ ይጽውዕ፡ ምኽንያቱ
መንግስታት ኤርትራን ሽወደንን ንዜጋኦም ኣይተ ዳዊት ኢሳቕ ክከላኸሉ ኣይክእሉን ኣለው። ብዓይኒ ሰብኣዊ፡ ጸጥታውን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ግዴታኦም ኣይፍጽሙን ዘለዉ።
"ሃገራውን ኣህጉራውን ሕጊ ንምትግባርን ንምዕባይን ዝሕግዙ መንገድታት ምድላይ ኣገዳሲ እዩ። ንኸቢድ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ተሓታትነት ምሃብ። ጥሕሰት ኣብ ዘጋጠመሉ መንግስታት ክሕተታ ኣለወን። ማሕበረሰብ ዓለም እውን ፍትሒ ምምስራት፡ ምርግጋጽ ሓለዋ ግዳያት፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ ሕጊ ዝኾነ ኣካል ከምዘየለ ዘረጋግጽ መትከላት ኣብ ምሕላው ሓላፍነት ኣለዎ። ዲሞክራስያውያን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ሕጊ ዝጥሕሱ ወገናት ጸቕጢ ክገብራ ይግባእ፣ ኣብዚ
ኣንዚ ጉዳይ ኤርትራ'ያ። እዚ ኣገዳሲን ርኡይ ውጽኢት ክሁብ ዝኽእልን እዩ። ብግዴታ ሰባት ምስዋርን ምስዳድ ጋዜጠኛታት ከቢድ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት እዩ። ከምቲ ጀምስ ጆይስ ዝመሃረና፡ ክንጽሊ ኣለና: ነዛ መዓልቲ እዚኣ መዓልታዊ ፕረስና ሃበና። እዚ ግህሰት እዚ ገበናዊ ተግባራት እዩ፣ ብዘይ ኣፈላላይን ኩነታት ብዘየገድስን፡ እንተላይ ኩነታት ኲናት፡ ህጹጽ እዋን፡ እንተላይ ኣብ እዋን ድሕነት ሃገር። ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ኣባላት ስድራቤት እቶም ዝተሰወሩ ግዳያት ብግዴታ ምጥፋእ እውን ተፈሊጦም" ትብል ካሮሊን ኤደልስታም ኣደ መንበር ዳያኑ ሽልማት ኤደልስታም።

## ድርኺት ዳያኑ ሽልማት ኤደልስታም

ኣይተ ዳዊት ኢሳቕ ኤርትራዊ-ሽወደናዊ ዜጋ እዩ። ኣብ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ተወሊዱ ፣ ብኣዲኡ ዝተደፋፍአ ፍቕሪ ታሪኽን ስነ-ጽሑፍን ኣማዕቢሉ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ሳንሱር ዝገልጽ ተዋስኦ ጽሒፉ፡ ድርሰቱ ንኣብ ፖለቲካዊ ጽፍሒታት ዝነበሩ ዝብድህ ስለዝነበረ ግን ተኣጊዱ። ኣብ መበል 21 ዓመት ዕድሚኡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ኲናት ኤርትራ ድሕነት ክደሊ ናብ ሽወደን ድሕሪ ምህዳሙ ከም ስደጠኛ ዑቕባ ተቐቢሉ። ናብ ሽወደን ዝሃደመሉ ምኽንያት ድማ ካብ ካልኦት ዝተሰደዱ ኤርትራውያንን ብዛዕባ ናጻ ሕብረተሰብ ሽወደን፡ መራኸቢ ብዙሓንን ፣ ከይተቐጽዑ ሓሳባቶም ብናጽነት ክገልጹ ዝኽእሉ ኣህዛብን ሰሚዑ ስለዝተደቐ'ዩ።
ኤርትራ ኣብ 1993 ናጽነት ምስ ረኸበት፡ ዳዊት ኢሳቕ፡ ኣብቲ እዋን ሽወደናዊ ዜጋ ክንሱ ናብ ኤርትራ ተመሊሱ መበቆል ዓዱ ዳግማይ ንምህናጽ ክሕግዝ ወሲኑ። ንሱ ኣሰናዳኢ ናይታ ንመንግስቲ ብምንቃፍ ንሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራሲን እትጣበቕ ናይ ፈለማ ነጻ ጋዜጣ ኮይኑ። ስርሑ ድማ በቲ መንግስቲ ክግፍዕን ብቀጻሊ ክምርመርን ክፈራራሕን ኣስዒቡ። ይኹን እምበር፡ ኪኖ ውልቃዊ ረብሓኡ ፡ ንመትከላት ሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራስን ምጉስጓስ ቀጸለ።

ተስፋ ኣይቆረጸን፡ ብምኽንያት ንዲሞክራሳዊ ለውጢ ዝጥውዕ ክፉት ደብዳቤታት ብትብዓት ኣብ ሰቲት ብምሕታሙ ኣብ 2001 ብዘይ ፍቓድ ተኣሲሩ። ብዘይ ዝኾነ ይኹን ርክብ ፣ ብዘይ ፍርዲ፡ ከምኡ'ውን ርክብ ምስ ስድራቤቱ ፡ ቆንስላዊ ሓገዝን መሰል ሕጋዊ ምኽሪን ብምኽልካል ኣብ ቤት ማእሰቲ ተዳጊኑ። ብውጽኢታዊ መገዲ፡ ብግዴታ ምስዋር– ኣብ እዋን ምዕፋን ዓሰርተ ካልኦት ነጻ ጋዜጠኛታት ምስ ዓሰርተ ሓደ ተሃድሶ ዝጠለቡ ፖለቲከኛታት ኣብ መስከረም 2001 ተኣሲሮም። ኣባላት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ዝመርሖ መንግስቲ ኤርትራ ዝኾኑ፣ ብጉጅለ 15 ዝፍለጡ፡ መንግስቲ ክፉት መረዳ ከካይድን ሓድሽ ዝተነድፈ ቅዋም ከተግብርን ዘተሓሳሰቡ እውን ሽዑ ተኣሲሮም።

ዳዊት ኢሳቕ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት፡ ቅሉዕን ናጻን ምርጫ ጽሒፉን፡ ነቲ መንግስቲ ናጻ ምርጫ ብዘይምክያዱ ነቒፉ ። ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ መሰረታዊ መሰላቶም ክግደሱ ጽልዋኡ ቀጺሉ።

ዳዊት ኢሳቕ ክሳብ ሎሚ ኣብ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ይርከብን ሓደ ካብ ኣብ ዓለምና ብቐጻሊ ንዝነውሐ ግዜ ዝተዳጎኑ ጋዜጤኛታት ይቑጸር። ካብ 2001 ጀሚሩ ብዘይ ፍርድን ብዘይ ክስን ምስ ጥበቐኡ ክዛረብ ከይተፈቕደሉን ኣብ ማእሰርቲ ተዳጊኑ'ሎ።

ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ንዳዊት ኢሳቕ ከም እሱር ሕልና ኣስፊርዎ ኣሎ።

ፋውንዴሽን ኤደልስታም፡ ማሕበረሰብ ዓለም ስጉምቲ ክወስድ ይጽውዕ፡ ምኽንያቱ መንግስታት ኤርትራን ሽወደንን ንዜጋኦም ኣይተ ዳዊት ኢሳቅ ክከላኸሉ ኣይክእሉን ኣለው። ብዓይኒ ሰብኣዊ፡ ጸጥታውን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ግዴታኦም ኣይፍጽሙን ዘለዉ።

ብተወሳኺ ፋውንዴሽን ኤደልስታም ንሰበስልጣን ሃገረ ኤርትራ ፣ዳዊት ኢሳቕ ምስ ካልኦት ጌና ተኣሲሮም ዘለዉ ጋዜጠኛታትን ኣባላት ጉጅለ-15ን ብሓባር ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝኾነ ሃዋህው ሃለዋት ዳዊት ኢሳቕ ብቕጽበት ክግለጽን፡ ብዘይ ወዓል ሕደር ብጠበቓን ብሰበስልጣናት ቆንስላዊ ጉዳያት ሽወደንን ክብጻሕን ክሕገዝን ዘለዎ መሰል ከኽብርን ብኣኽብሮት ይሓትት።

## ሽልማት ኤደልስታም

ሽልማት ኤደልስታም ኣብ ሽወደን ዝመደበሩ ኣህጉራዊ ገንዘባዊ ሽልማት ኮይኑ፡ ብሃራልድ ኤደልስታም ፋውንዴሽን ይመሓደር። ሽልማት ኤደልስታም ንኣብ ዝኣምንሉ ምጥባቕ ሰብኣዊ መሰላት ደው ኣብ ምባል ዝበለጸ ኣበርክቶን ፍሉይ ትብዓትን ዘርኣዩ ዝወሃብ ሽልማት'ዩ።

ሽልማት ኤደልስታም ብስም  ሽወደናዊ ዲፕሎማሰኛን
ኣምባሳደርን ሃራልድ ኤደልስታም (1913-1989) ይጽውዕን ንዝኽሩ ይዕደልን። ሃራልድ ኤደልስታም ፣ ብሞያዊ ብቕዓቱን ብጅግንነቱን ኣብ ቃልሲ ንሰብኣዊ መሰላት ብዘለዎ ዜግነታዊ ትብዓትን ንነብሱ ብግብሪ ዘላለየ ዲፕሎማሰኛ'ዩ። ተዘካሪ ተግባራቱ ህይወት ልዕሊ ሽሕ ሰባት ኣብ ምድሓን ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

ተዓዋቲ ሽልማት ኤደልስታም ውልቀ ሰብ ወይ ኣብ ሓደ መንግስቲ፡ ኣህጉራውያን ወይ ሃገራውያን ትካላት ዘገልገለ ክኸውን ይኽእል። ተዓዋቲ ፣ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ፣ ኣብ መሰል ሰብኣዊ መሰላት ዝተጣህሰላ/ለን  ሃገር ወይ ሃገራት፣
 ከም ናይ ኣምባሳደር ሃራልድ ኤደልስታም ተመሳሳሊ ተራ ዝተጻወተ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ምትንታንን ኣተሓሕዛን ዝተሓላለኹ ኩነታትን ፣ መንገድታት ኣብ ምርካብ ፣ ብሉጽ ዓቕሚ ዘለዎምን ፣ንሰብኣዊ መሰላት ንምክልኻል ዘይቅድመኩነታውያንን  ፈጠራውያንን ዝኾኑን ክኾኑ ኣለዎም ። እቲ ሕጹይ፡ ኣብ ዝተሓላለኸ ኩነታት ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ ኣብ ምሕጋዝን ብቐጥታ ሂወት ኣብ ምድሓንን ወሳኒ ተራ ዝተጻወተ ክኸውን ኣለዎ።
ሰባት ወይ ብቐጥታ ህይወት ደቂ ሰባት ምድሓን። ሲቪካዊ ትብዓት ኣብ ምምራጽ ዕዉት ሕጹይ መሰረታዊ መለክዒ እዩ።

## ኣባላት ዳያኑ

ኣህጉራዊ ዳያኑ ብወ/ሮ ካሮሊን ኤደልስታም፡ ሃራልድ ኤደልስታም'ስ ዝምራሕ እዩ።
ጓል ጓላ ንሃራልድ ኤደልስታም ሓባራዊት መስረቲ ፋውንዴሽን ኤደልስታምን እያ። ካልኦት ኣባላት ድማ ተዓዋቲት ሽልማት ሰላም 2003 ንኢስያ እትውክል ዳኛ ሽሪን ኤባዲ ። ኣፍሪቃ ትውክል ብዶክተር ፋቱ ቤንሱዳ፡ ዋና ዓቃቢ ሕጊ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን ነበር ። ኣምባሳደር ኣይሊን ዶናሆይ፡ ፈጻሚት ዳይረክተር ግሎባል ዲጂታል ፖሊሲ ኢንኪቤተር ኣብ ስታንፎርድ ዩኒቨርስቲ ማእከል ዲሞክራሲ፣ ልምዓትን ልዕልና ሕግን ፣ ከምኡ`ውን
ኣብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ኣሜሪካ ነበር ንሰሜን ኣሜሪካ ይውክል።
ፕሮፌሰር
ፊሊፕ ኣልስቶን፡ ፍሉይ ጸብጻቢ ጽንኩር ድኽነትን ሰብኣዊ መሰላትን ሕቡራት ሃገራት ነበር፡

ንኦሽንያ ዝውክል እዩ። ላቲን ኣመሪካ ብዳኛ ፓትሪሻ ሊናረስ ፕሪቶ፡ ነበር ፕረዚደንት  ፍሉይ ስልጣን ሰላም (JEP)። ኤውሮጳ ብኣብ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ገበን ስጳኛ ዘገልገለ ዳኛ ነበር ባልታሳር ጋርዞን፡ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ንካብ ቺለን ካልኦት ሃገራትን ዝመጹ ኣሽሓት ግዳያት ኣደዳ ሞትን ስቅያትን ዝገበረ ውልቀ መላኺ ቺለ ጀነራል ኣውጉስቶ ፒኖቸት ብምኽሳስ
ዝፍለቱ'ዮም።

ንተወሳኺ  ሓበሬታ ብኽብረትኩም  ነዞም ዝስዕቡተወከሱ፤
ካሮሊን ኤደልስታም ፕረዚደንት ፋውንዴሽን ኤደልስታም
ቴለፎን፡ +46 (0)706 98 72 23፡ ኢ-መይል፡ caroline.edelstam@edelstam.org
Website: www.edelstamprize.org / www.edelstam.org
ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰሚናር፡ ሕዳር 20 th ሰዓት 1 P.M. ብዛዕባ ላውሬት'ስ ምዝታይ
በጃኹም ኣብዚ ርኣዩ LINK ።